# ኣገልግሎት ቴራፒ ዘረባን ቋንቋን ቆልዑት

ምኽሪ ንወለድን ኣለይትን።

## ናይ ቆልዑት ጸወታን ዝርርብን

### ጸወታ እንታይ እዩ?

- ጸወታ ንምዝንጋዕ ጥራይ ኢልካ ዝግበር እዩ፣ ዕላማ ዘይብሉ
- ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ቆልዑት ይጻወቱ
- ቆልዑት ብዝተፈላለየ መንገዲ ይጻወቱ
- ነፍሲ ወከፍ ቆልዓ ክጻወት ክፍቀደሉ ይግባእ
- ገለ ጸወታ ንዓበይቲ ዝገርም ወይ ኣሰልቻዊ ክመስል ይኽእል እዩ፡ ቆልዑ ግን የስተማቕርዎ እዮም።

### ስለምንታይ እዩ ጸወታ ኣገዳሲ ዝኸውን?

- ቆልዑ ዝጻወትዎ ቀንዲ ምኽንያት ንምዝንጋዕ እዩ
- ግን ጸወታ ንትምህርቲ እውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ
- ቆልዑ ክጻወቱ ከለዉ ብዛዕባ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ዓለም ይመሃሩ። ብምርኣይን ብምስማዕን ብምድህሳስን ይምሃሩ
- ምጽዋት ንቆልዑት ውሕስነትን ሓጎስን ከም ዝስምዖም ይገብር። ሓደሽቲ ክእለታት ንኽመሃሩ ይሕግዞም
- ጸወታ ንቆልዑት ምስ ካልኦት ንምዝራብን ምስ ካልኦት ንሙኻንን ክመሃሩ ይሕግዞም
- ቅኑዕ ወይ ጌጋ መንገዲ ኣጸዋውታ የለን። ምጽዋት ንቆልዑት ክለማመዱን ክእለታት ንከማሓይሹን ይሕግዞም
- ድሒሮም ነዞም ክእለታት እዚኦም ኣብ ሓቀኛ ህይወት ክጥቀሙሎም እዮም።

### ቆልዑ ብምጽዋት ዝመሃርዎም ክእለታት

ቆልዑት ብምጽዋት ዝተፈላለየ ክእለታት ይመሃሩ። እዞም ክእለታት እዚኦም ንዝርርቦምን ምዝራብን ይሕግዙ። ገለ ኣገደስቲ ክእለታት ህጻናት ብጸወታ ዝመሃርዎም ነሀለዉ፡

- ጠንቅን ሳዕቤንን – ገለ ነገር እንተገይርካ ገለ ካልእ ነገር ከም ዘጋጥም ምፍላጥ። (ንኣብነት፡ ንሓደ መጠወቕ ምጽቃጥ መጻወቲ ከም ዝወጽእ ይገብር።)
- ምኽታል ተራ – ተራኦም ምኽታል ምምሃር (ንኣብነት፡ ኩዕሶ ምድርባይ ወይ ኣብ ግምቢ ሕጡብ ምውሳኽ)
- ጸወታ ምምሳል – ሓሳባዊ ምጥቃም (ንኣብነት፡ በትሪ ከም ሰይፊ ኢልካ ምሕሳብ)
- ማሕበራዊ ምትእስሳር – ምስ ካልኦት ከመይ ጌርካ ትኸውንን ብጸወታ ምስኦም ትራኸብን ምምሃር

- ጸወታ ብዛዕባ ምዝንጋዕ ጥራይ ኣይኮነን– ንቆልዑ ኣገዳስቲ ክእለታት ንኽመሃሩ ይሕግዞም።